# ኖርወይ ኣብ ፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤውሮፓዊ ሕብረት ክትኣቱ እያ

ሓበሬታታት ብቕልጡፍ እናተለዋወጠ ኢዩ፡ ስለ ዝኾነ ድማ ግዜኡ ከሕልፍ ይኽእል ኢዩ። ብመንግስቲ ዝወሃብ መወዳእታ ዜናታት ኣብዚ ገጽ እዚ ተወከስ፡ temasiden Koronasituasjonen ወይ እውን ዝያዳ ኣፍልጦ ምኽርታትን ሕግታትን ብዛዕባ ቫይረስ ኮሮና ንምርካብ ኣብዚ መርበብ ሓበሬታ እዚ Helsenorge.no ብምእታው ክርከብ ይከኣል።
ንሓሙስ ዕለት 24 ሰነ ኖርወይ ኣብ ፍታሕ ምስክር ኤውሮፓዊ ሕብረት ክትኣቱ እያ። ስለዚ ምሉእ ዝተኸተቡ ወይ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉ ሰባት ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ምስ ዝህልዎም ንኖርወይ ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ካብ ውሽባ፡ግዴታ መርመራን ንሃገር ክኣትዉ ከለዉ ምምዝጋብን ነጻ ክበሃሉ እዮም። ካብ 1 ሓምለ እተን ኣብ ፍታሕ ኤውሮፓዊ ሕብረት እቱዋት ዝኾና ሃገራት ኣብ ዶባተን ወረቐት ምስክር  ኖርወይ ክቆጻጸሮኦ ክበቕዓ እየን።

- ሃገራት ኤውሮፓ ሳላ ቅልጡፍ፡ ኣድማዕን እወታውን ምትሕብባር ዘካየዳ ድሮ ካብ ጽባሕ ሓሙስ ኣትሒዙ ንምሉእ ብምሉእ ዝተኸትቡ ሰባት ወይ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉ ሰባት መገሻታቶም ኣጸቢቑ ዘቃልለሎም ፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ክንጅምሮ ኢና። እዚ ንውልቀ-ሰባትን ኣብ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ኖርወይ ኣገደስቲ ዝኾና ትካላትን ዓቢ ተራ እዩ ክጻወት ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

**ኣጠቓቕማ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ዶብ ኖርወይ**
ምሉእ ክታበት ዝተኸትቡ ወይ ኣብዘን ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮሮና ዘሕለፉ ሰባት በዚ ምስ ፍታሕ ኤውሮፓዊ ሕብረት ምትእስሳር ዘለዎ ክንቆጻጸሮ ንኽእል ወረቐት ምስክር ኮሮና ነዚ ከረጋግጹ ዝኽእሉ ሰባት ካበየናይ ሃገር መጺኦም ብዘየገድስ ናብ ኖርወይ ነጻ ኮይኖም ክኣትዉ ክፍቀደሎም እዩ ። ምውሻብ፡ ቅድሚ ምእታዎም መርመራ ምምርማር፡ ኣብ ዶብ ክኣትዉ ከለዉ ምምርማርን ምምዝጋብን ኣይከድልዮምን እዩ።

ካብ ዕለት 24 ሰነ ኖርወይ ናይ ካልኦት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ/ክልል ቊጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ ወረቐት ምስክር ኮሮና ሓቅነቱ ከተረጋግጽ ክትክእል እያ፡ ማለት ምስ ፍታሕ ኤውሮፓዊ ሕብረት ምትእስሳር ክሳብ ዝሃለዎ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምንዳይ፡ ኣብ Re-open EU (europa.eu) ብምእታው እተን ወረቐት ምስክር ኮሮና ሕብረት ኤውሮጳ ዘውጽኣ ሃገራት ኣየኖት ከም ምዃነን ዝርዝረን ክርከብ ይከኣል፡ ከምኡ እውን ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ገጽ መርበብ ሓበሬታ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብዚ ብምእታው ክርከብ ይከእኣል፡ EUs nettside for koronasertifikatet/For mer informasjon, se oversikt over hvilke land som utsteder EU koronasertifikat på Re-open EU (europa.eu) og EUs nettside for koronasertifikatet።

**ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ካልኦት ሃገራት ምጥቃም**
ንዕለት 1 ሓምለ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኤውሮፓዊ ሕብረት ኣብ ግብሪ ክውዕል እዩ። ሽዑ

መብዛሕትአን ሃገራት ኤውሮፓዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ ምስ ፍታሕ ኤውሮፓዊ ሕብረት ምትእስሳር ክህልወን እዩ። እዚ ንስፓኛን፡ ጥልያን፡ ግሪኽን ክሮኣሽያን ካልኦት ሃገራትን እውን ዝምልከት ክኸውን እዩ።

- እቶም ክገሹ ዝመርጹ ኣብቲ ዝገሹዎ ሃገር ዘሎ ሕግታት ውሽባ፡ ግዴታ መርመራን ስጉምትታት ምክልኻል ለብዕን ከጽንዑዎ ኣሎዎም። እዚ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ ይብል ሀይየ።

እተን ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮፓዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ ዝምልከተን ሕግታት ከመይ ይመስል ንዝብል ኣብዚ ተመልከት፡ p[reopen.europa.eu](reopen.europa.eu).

ኣብ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘሎ መቆጻጸሪ ገጽ ካብ 24 ሰነ መልክዑ ክቕየር እዩ፡ ኤውሮፓዊ ሕብረት/ክልል ቁጠባዊ ምትሕብባር ኤውሮፓ ዝብል ጽሑፍ ክህልዎ እዩ።

[Se ditt koronasertifikat på helsenorge.no/ወረቐት ምስክር ኮሮናኻ ኣብ ንምርኣይ ኣብዚ እቶ፡ helsenorge.no.](helsenorge.no)

**ዘይዲጂታላዊ ተጠቀምቲ**
- ሕጂ ነቶም ኮምፒዩተር፡ ሞባይል ወይ ታብለት ተጠቒሞም ዘይክእሉ ሰባት ዝኸውን ፍታሕ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣዳሊናሎም ኣለና። ካብ ጽባሕ ተለፎን ሓበሬታ ኮሮና ብምድዋል ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ፖስጣ ክስደደሎም ክሓቱ ይኽእሉ እዮም። እንተኾነ ግና መብዛሕቲኡ ሰብ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ helsenorge.no ዘሎ ዲጂታላዊ ፍታሕ ክጥቀሙሉ እዩ ድሌትና፡ እንተደኣ ደልዮም ኣብ ገዝኦም ሸዑ ኣሕቲሞም ከውጽኡዎ ይኽእሉ እዮም ይብል ሀይየ።

ተለፎን ሓበሬታ/Helfo ክትድውል ከለኻ ውልቃዊ ቁጽርኻ/personnummer ክትሕብሮም ኣለካ፡ ሽዑ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ሰፈሩ ዘሎ ኣድራሻኻ ይስደድ። እንተድኣ ምቕማጥካ ኣብ ወጻእ-ሃገር ኬይኑን ናይ ኖርወይ መለለዪ ቊጽሪ ሃልዩካን ወይ ድማ መለለዪ ቊጽሪ D ምስ ዝህልወካን ከምዚ ኣቕዲሙ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዝጸንሐ ነቶም ዘይዲጂታላዊ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ዝጥቀምሉ ኣገባብ ፍታሕ ብምኽታል ክትጥቀም ትኽእል። እዚ ኣገባብ እዚ ንክትጥቀመሉ ግና መንበሪኻ ኣድራሻ ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ሃገረ ኖርወይ/Folkeregisteret ምስ ዝምዝገብ ኢዩ። ብቑዕ ወረቐት ምስክር ኮሮና እንተደኣ ኣልዩካ ብፖስጣ ክስደደልካ እዩ። ከከም ስሉጥነት ኣገልግሎት ፖስጣ ወረቐት ምስክር ኮሮና ክበጽሓካ ኣስታት ሓደ ሰሙን ክወስድ ከምዝኽእል ፈሊጥካ ክትጸንሕ ይግበኣካ። እቲ ሰነድ ዝጸንሓሉ ብቑዕነት ግዜኡ ድማ ካብ ዕለተ ሕትመት ኣትሒዙ ዝቑጸር 90 መዓልታት ምዃኑ ክትፈልጥ ኣለካ።

መስመር ተለፎን ሓበሬታ ኮሮና ደውል:
ሰኑይ-ዓርቢ: 08.00 – 15.30
ካብ ኖርወይ: 815 55 015
ካብ ወጻእ-ሃገር: +47 21 89 80 42

**ወረቐት ምስክር ኮሮና ሕጂ ኣብዞም ዝስዕቡ ዓውድታት እዩ ኣብ መዓላ ዝውዕል ዘሎ:**

- ምስ ፍታሕ ኤውሮፓዊ ሕብረት ምትእስሳር ዘለወን ሃገራት ክትገይሽ ከለኻ ከምዝተኸተብካ፡ ሕማም ኮሮና ከምዘሕለፍካ ወይ ኣሉታዊ ዝውጽኢቱ መርመራ ከምዝተመርመርካ ከም መረጋገጺ ክትጥቀመሉ ትኽእል።
- ውሽባ፡ ቅድሚ ናብ ሃገር ምእታውካ ዝግበር መርመራ፡ ኣብ ዶብ ዝግበር መርመራን ንኖርወይ ክትኣቱ ከለኻ ዘሎ ቅጥዒ ምምዝጋብን (ቅጥዒ፡ ምሉእ ዝተኸተብካ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ኮቪድ-19 ዘሕለፍካ ክትከውን ኣለካ)
- ኣብ ዕብይ ዝበሉ እንግዶታት ንምስታፍ
- ወረቐት ምስክር ኮሮና ዝጠልባ መራኽብ ዑደት ምስፋር (ቅጥዒ፡ ብዩን ክትከውን ኣለካ። ምሉእ ዝተኸተብካ ክትከውን ኣለካ። ምሉእ ዝተኸተብካ፡ ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ካብ ትውጋእ ካብ ሰለስተ ክሳብ 15 ሳምንታት ዘሕለፍካ እንተኾይንካ ወይ ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ሕማም ኮቢድ-19 ዘሕለፍካ እንተኾይንካ ኢኻ ከም ብዩን ትቑጸር)።